


# ኤሌክትሪሲቲ

## ክትፈልጦ ዘለካ ነገራት

SFE

# ናይ ማዕከን ጸዓት ኣመሓዳሪን ሓይሊ ኣቕራቢን

ኤሌክትሪሲቲ ኣብ ገዛኻ ንምእታው፣ ናይ ማዕከን ጸዓት ኣመሓዳሪን ሓይሊ ኣቕራቢን የድልዩኻ። ናይ ኤሌክትሪሲቲ ኔትወርክ ወናኒ እቲ ናይ ማዕከን ጸዓት ኣመሓዳሪ ስለዝኾነ፣ ናብገዛኻ ናይ ኤሌክተሪሲቲ መስመራት ዝዝርገሓልካ ድማ ንሱ ባዕሉ እዩ። ናይ ማዕከን ጸዓት ኣማሓዳሪ ክትመርጽ ኣይትኽእልን; እዚ በቲ እትነብረሉ ካውንቲ እዩ ዝውሰን። ይኹን እምበር፣ ናይ ኤሌክትሪሲቲ ሓይሊ ዘቕርበልካ ኣካል ካብቶም ኣብ ኖርወይ ዝርከቡ ብዙሓት ኣቕረብቲ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

ናይ ኤሌክትሪሲቲ ሓይሊ ዘቕርበልካ ኣካል ባዕልኻ ክትመርጽ እንተዘይክኢልካ፣ እቲ ናይ ኤሌክትሪክ ማዕከን ጸዓት ኣማሓዳሪ ባዕሉ ናይ "ኣስገዳድ ቀረብ" ውዕል ከእትወካ እዩ። ብዓይኒ ዋጋ ክረኣይ እንከሎ ካብቲ ናይ ኤሌክትሪሲቲ ማዕከን ጸዓት ኣማሓዳሪ ኤሌክትሪክ ምዕዳግ ብሉጽ ምርጫ ኣይኮነን።

ናይ ክፍሊት መግለጺ (Invoice)

ናይ ክልቲኡ ማለት ናይ ኔትወርክን ናይቲ እትጥቀሞ ናይ ኤሌክትሪሲቲ ሓይሊን ትኸፍል። ገለ ናይ ማዕከን ጸዓት ኣማሓደርቲን ሓይሊ ኣቕረብቲን ሓበራዊ ናይ ክፍሊት መሕተቲ ቕርቡ፣ ከምኡ ክኸውን እንከሎ ሓደ መሕተቲ ክፍሊት ጥራይ ኢኻ ክትቅበል ማለት እዩ። ነናይ ባዕሎም መሕተቲ ክፍሊት ዘቕርቡ ኩባንያታት እውን ኣለዉ፣ ከምኡ ክኸውን እንከሎ ድማ ክልተ መሕተቲ ክፍሊት ትቕበል ኣለኻ ማለት እዩ።

እቲ ናይ ኔትወርክ ክፍሊት እቲ ናይ ማዕከን ጸዓት ኣማሓዳሪ ኤሌክትሪክ ናብ ገዛኻ ስለዘንዓዘልካ ነቲ ኣማሓዳሪ ማዕከን ጸዓት እትኸፍሎ ክፍሊት እዩ። እዚ ከከም ብዝሒ ናይ ኤሌክትሪሲቲ ሓይሊ ኣጠቓቕማኻ ዝግበጥ ኣብ ቀዋሚ ባእታን ተለዋዋጢ ባእታን ዝተደረኸ እዩ። ብተወሳኺ ነቲ ግዝኣት ወይ ንመንግስቲ ዝኽፈሉ ናይ ቀረጽን ካልኦትን ክፍሊታት እውን ኣለዉ። ንኤሌክትሪሲቲ እትነፍሎ ናይ ክፍሊት መጠን ኣብ በዝሒ መጠን (kWh) እትጥቀሞ ሓይሊን ኣብቲ ዝኣተኻዮ ናይ ኤሌክትሪሲቲ ውዕልን ዝተደረኸ እዩ።






## ናይ ኤሌክትሪሲቲ ቆጻሪን ምንባብ ቆጻሪኻን

ኩሉ ገዛውቲ ክንደይ ዝኣክል ሓሊ ኤሌክትሪሲቲ ከምዝተጠቐምካ ዝሕብር ናይ ኤሌክትሪሲቲ ቆጻሪ ኣለዎ። ጌጋ ዘይብሉ መሕተቲ ክፍሊት ከምዝመጸካ ንምርግጋጽ፣ ኣብቲ ናይ ኤሌክትሪሲቲ ቆጻሪኻ ዘሎ ኣሃዛት ንናይ ኤሌክትሪሲቲ ማዕከን ጸዓት ኣማሓዳሪኻ ሪፖርት ክትገብር ኣለካ።

ናይ ኤሌክትሪሲቲ ቆጻሪኻ ኣብ ናይ ቫልቮላ ሳጹንካ ክትረኽቦ ኢኻ። እዚ ኩሉግዜ ኣብ ኮረድዮ ወይ ኣብ ክፍሊ መኽዘን ኣቕሑት፣ ወይድማ ኣብ መደያይቦ ትረኽቦ። ኣብ ሓደሽቲ ገዛውቲ ድማ፣ እቲ ናይ ኤሌክትሪሲቲ ቆጻሪ ግዳማዊ ክፍሊ እቲ ገዛ ኣብ ኣርማድዮ ይርከብ። ነቶም ኣብ ቀይሕ ቦታ ዘለዉ ወይድማ ድሕሪ ናይ ደሲማል ነጥቢ ዘለዉ ኣሃዛት ገዲፍካ ኩሎም እቶም ካልኦት ኣሃዛት ሪፖርት ክትገብሮም ኣለካ።

ቆጻሪኻ ክንደይ ከምዝቖጸረ ዝገልጹ ኣሃዛት ሪፖርት እንድሕር ዘይጌርካ፣ እቲ ናይ ኤሌክትሪሲቲ ማዕከን ጸዓት ኣማሓዳሪ ብናይ ባዕሉ ግምት ከኽፍለካ እዩ። ኣብ መንጎ ናይ ቆጻሪ ንባባት ዓብዪ ጋግ እንድሕር ገዲፍካ፣ እቲ ግምት ካብቲ ብጭቡጥ ዝተጠቐምካዮ ኣዝዩ ዝተሓተ ክኸውን ትገብር ኣለኻ ማለት እዩ። ከም ሳዕቤኑ ከኣ ኣብቲ ዝቕጽል ጌዜ ቆጻሪኻ ከተንብብ እንከለኻ ብዙሕ ክፍሊት ክትሕተት ኢኻ። ኣብ መወዳእታ 2018፣ ኩሎም ኣብ ኖርወይ ዘለዉ ዓማዊል ኣውቶማቲክ ናይ ኤሌክትሪሲቲ ቆጻሪ ስለዝወሃቦም ናይ ኤሌክትሪሲቲ ቆጻሪ ንባብ ሪፖርት ምግባር ከብቅዕ እዩ።



# ናይ SFE ዓሚል ኩን !

ብኸመይ ናይ SFE ዓሚል ክኸውን እኽእል :
ኣብ www.sfe.no/straum ዝርከብ ናይ ትእዛዝ ቅጥዒ ምላእ፣ ወይድማ ናብ kundesenter@sfekraft.no ኢሜይል ብምልኣኽ ኤሌክትሪሲቲ ክነቕርበልካ ኣዝዘና።

ጽቡቕ ኤሌክትሪሲቲ ናብ ጽሩይ ማይ የምርሕ
ኣብ ዚምባብዌ ዲጋታት ንምህናጽ መደብ ኖርጅ (Plan Norge) ምስ ዝተባህለ ገባሪ ሰናይ ንሰርሕ ኣለና። ምሳና ናይ "ጽቡቕ ኤሌክትሪሲቲ" ውዕል ብምውዕዓል፣ ኣብዚ ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ። እዚ ክትገብር እንከለኻ፣ ኣብ ኖርወይ እቲ ዝሓሰረ ናይ ኤሌክትሪሲቲ ኣገልግሎት ክትረክብ ኢኻ።

SFE